# ጥቕስታት ካብ ጠቓስቲ ንልቦና እንታይ ከይብለና
# 7ይ ክፋል

- ታሪኽ ፈቲኻ ተጸብቐ ጸሊእካ ተሕምቐ ዘይኮነስ ንቐዳሞት ምስ ዳሕረዎት ዘተኣሳስርን ዘስግርን ድልድል እዩ።

- ብሓቅን ሓላፍነትን ምስራሕ ዕግበታዊ ግስጋሰ እዩ።

- ናይ ዉሱን ደቓይቕ ሕልናዊ ዕብዳን ናይ ሓዋሩ ታሪኻዊ ዕዳ እዩ።

- ዓወት ኣጋጣሚ ዘይኮነስ ዉጽኢት ቅኑዕ ኣመላኽታ እዩ።

- ዓወት ክሳብ ክንደይ ንላዕሊ በሪኽካ ዘይኮነስ ወዲቕካ ክሳብ ክንደይ ክትትስእ ትኽእል እዩ።

- ንቕሓትን ሓላፍነትን ዝጎደሎ ብባህግን ድሌትን ጥራይ ምዕያይ ግዜኻ ዘባኽን ነብሰ ቅትለት እዩ።

- ዕዉታት ሰባት ፍሉይ ነገር ዝሰርሑ ኣይኮኑን ንነገራት ብፍሉይ ብዘዕዉት ኣገባብ ዝሰርሑ እዮም።

- ፍሹላት ኣብ ክልተ ይኽፈሉ እቶም ሓደ ዝዓዩ ግና ዘይሓስቡ፡ እቶም ሓደ ድማ ዝሓስቡ ግና ዘይዓዩ ዘየዕይዩ እዮም።

- ምቁር ኩናትን ፍርቂ ሓቅን ዝበሃል ነገር የልቦን።

- ገነት ክትኣቱ ትደሊ ክትመዉት ዘይትደሊ ከመይ ኢሉ ክኸዉን።

- ኩሉ ነግረ ቀሊል ቅድሚ ምኻኑ ከቢድ እዩ።

ዓንደመስቀል ክንፈ ኤስሊንገን (ጀርመን) ይቕጽል!